Queensland Health

# ብዝሕባህላዊ ፖሊሲ ጥዕናን ውጥን ስራሕን 2024–2029 MHPAP



**ኩሎም ኣብ ኲንስላንድ ካብ ብዙሕ ባህላዊ ድሕረ ባይታ ዝመጹ ሰባት ውሑስን ብባህሊ ዝምጥንን ህዝባዊ ክንክን ጥዕና ምስ ፍትሓዊ ውጽኢት ክረኽቡ ይኽእሉ።**

**መትከላት**

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| **ፍትሓዊ ጥዕና፣ ውሑስን ፅሬት ዘለዎን ክንክን** | **ኣብ ጭብጢ ዝተመርኮሰን ብዛዕባ ሕብረተሰብ እኹል ሓበሬታ ዘለዎን** | **ኩለንተናዊ ክንክን** | **ዓሌትነትን ኣድልዎን ምፍታሕ** | **ናይ ሓባር ተወፋይነት፣ ሓላፍነትን ተሓታትነትን** |



እዚ MHPAP ኣብ ውጽኢት ጥዕና ንኹሎም ሕብረ-ባህላዊ ህዝቢታት ዘተኮረ ክኸውን እዩ። ነዚኦም ሰባት ሓዊሱ ማለት'ዩ፤

- ኣብ ኣውስትራልያ ዝተወልዱ፣ ወለዶም ወይ ኣቦሓጎታቶም ግን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝተወልዱ
- ከም ስደተኛታት ወይ ዑቕባ ዝሓቱ ሰባት ኮይኖም ናብ ኣውስትራልያ ዝመጹ
- ግዝያዊ ቪዛ ዘለዎም ዜጋታት ኒውዚላንድ
- ውሱን ቀረብ ሜዲኬር ዘውህብ ግዝያዊ ቪዛ ዘለዎም ሰባት፡ ንወቕታዊ ሰራሕተኛታት፡ ዓለምለኻውያን ተማሃሮን ኣብ ካልኦት ግዝያዊቪዛ ዘውህቡ መንገድታት ዘለዉን ወሲኽካ
- ተወለድቲ ኣውስትራልያውያን ደሴታት ደቡባዊ ባሕሪ (South Sea)።




እዚ MHPAP ጥዕና ናይቶም ብዙሕባህላዊ ድሕረባይታ ዘለዎም ህዝቢታት ንምምሕያሽ ዝዓለመ ኣብ ውሽጢ ልዕሊ 10 ዓመታት ኲንስላንድ ሄልዝ (Queensland Health) ዘዳለዎ ናይ መጀመርታ ፖሊሲ እዩ።

MHPAP ምስ ብዙሓት መሻርኸቲ ኣካላት፡ እንተላይ ኣባላት ማሕበረሰብን ትካላትን ወሲኽካ፣ ድምጺ ማሕበረሰብ ኣብ ፖሊሲ ስርዓት ጥዕናና ምንጽብራቑ ንምርግጋጽ ብሓባር ዝተነድፈ እዩ።

MHPAP ንጥዕናዊ ጠለባት ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ዝሓሸ ምላሽ ክንህብ መታን ክንክእል ኣብ መላእ ስርዓተ ጥዕና መደባትን ተበግሶታትን ከቕርብ እዩ። ኲንስላንድ ሄልዝ ዕላማታትን ሽቶታትን MHPAP ኣብ ምዕዋት ዝገብሮ ዘሎ ምዕባለ ክከታተል እዩ።




**ክፍሊ ጥዕና ኲንስላንድ ንኹሎም፣ ጥዕና ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ብኸመይ ከም ተመሓይሽ ኣብ ዝብል፣ ፍሉይ ተመኩሮታቶምን ሓሳባታቶምን ብምክፋል ናብ'ዚ ፖሊሲ ኣበርክቶ ዝገበሩ ሰባት  የመስግን።**

Queensland Government





| ቀዳምነት | ዕላማታት | ንሕና |
|---|---|---|
| ቀዳምነት 1<br>**ቀዲምካ ምክልኻልን ብኣግኡ ምትእትታውን** | • ምስ ካብ ብዙሕ ባህላዊ ድሕረ ባይታ ዝመጹ ሰባት ብምትሕብባር ጽቡቕ ውጽኢት ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ኣብ ምርካብን ምዕዋትን ንዕኦም ዘጋጥምዎም ብድሆታት ብዝበለጸ ንምርዳእ ክንጽመድ ኢና።<br>• ነዞም ጸገማት ንምስጋር ዝሕግዙ ኣገልግሎታት ጥዕና ክንነድፍ ምስ ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ብሓባር ክንሰርሕ ኢና።<br>• ካብ ሕብረ-ባህላዊ ድሕረ ባይታ ምስ ዝመጹ ሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ጥዕና ከማሓድሩ፣ ካብ ሕማም ክርሕቁን ኣገልግሎት ጥዕና ክረኽቡን ክንድግፍ ኢና። | **“ተበግሶታት ምክልኻል ብብቑዓት ሰብ ሞያ ጥዕና ዝሓሸ ድጋፍ ከምዘለዎም፣ ግን ከኣ ብኣና ብማሕበረሰብ ከምዝተመርሑ፣ ብምርግጋፅ ዓቕሚ ምክልኻል ሕብረተሰብ ምህናፅ።”** |
| ቀዳምነት 2<br>**ልዑል ብቕዓት ዘለዎ ኣገልግሎታት ቋንቋን መሳለጥያታት ርክብን።** | • ሰራሕተኛታት ክፍሊ ጥዕና ኲንስላንድ ብኸመይ፡ መዓስን ስለምንታይን ተርጎምቲ ይጥቀሙ ከም ዝፈልጡ ከነረጋግጽ ኢና።<br>• ብቋንቋ ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ንዝመጹ ሰባት ብዝመርጽዎ ቋንቋ ሓበሬታ ክንህበም ኢና።<br>• ንሓይሊ ስራሕ ኣገልግሎት ቋንቋ ምድጋፍ ሓዊሱ፣ ንሕሙማት ዝወሃብ ኣገልግሎት ቋንቋ ክንከታተልን ከነመሓይሾን ኢና። | **“ናይ ቋንቋ መሰናኽላት ንማሕበረሰባትና ዝዓበየ ዕንቅፋት ክንክን ጥዕና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።ኣብ ውሽጢ ስርዓተ ጥዕና ዝርከቡ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎታት ምጥቃም ብትሑት መጠን ዝተረዳእናዮን ኣብ ጥቕሚ ዘውዓልናዮ እዩ።”** |
| ቀዳምነት 3<br>**ዘላቒ፣ ተበፃሒ፣ ግቡእ ሓበሬታ ብዛዕባ ስንባደ/በሰላ ኣእምሮ ዘለዎን ብባህሊ ውሑስን ኣገልግሎታት ጥዕና** | • ኣብ ኣገልግሎታት ጥዕና ኲንስላንድ ንሕሙማት ዘኽብርን ካብ ዓሌትነትን ኣድልዎን ነጻ ዝኾነ ባህሊ ክንሃንጽ ኢና።<br>• ኣብ ቦርድን ኮሚቴታትን ዝሳተፉ ካብ ሕብረ-ባህላዊ ድሕረ ባይታ ዝመጹ ሰባት ክንውስኽ ኢና።<br>• ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ኣገልግሎታት ጥዕና ኣብ ዝረኽብሉ እዋን መሰላቶም ክርድእዎምን ክጥቀሙሎምን ክንድግፍ ኢና።<br>• ሕሙማት ኣብ’ቲ ስርዓተ ክንክን ጥዕና ክፍትሹን ድሕነት ክስምዖምን ንምሕጋዝ ባህላዊ ተቐባልነት ዘለዎም መደባት ከነማዕብል ኢና። | **“ንጠለባት ማሕበረሰባትና ብዝበለጸ ንምምላእ ልሙድ ኣሰራርሓ ንምምሕያሽ ምትዕጽጻፍ ቁልፊ እዩ፡ ንኣብነት ሓደ ዝተሓላለኸ ስርዓት ኣብ ምምራሕ ሓገዝቲ ዝኾኑ ካብ ብዝሒባህላዊ ድሕረባይታ ዝኾኑ ነዚ ኣብ ምፍታሽ ዝነጥፉ ነርሳት።”** |
| ቀዳምነት 4<br>**ኣፍራዪ ዝኾኑ ሽርክነታት፣ ምትሕብባራትን ምትእስሳራትን** | • ምስ ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ድልዱልን ኣኽብሮታዊን ዝምድና ክንሃንጽ ኢና።<br>• ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ብቐሊሉ ቀረብ ክንክን ጥዕና ንኽረኽቡ ምስ ካልኦት ክፋላት ስርዓተ ጥዕና ክንሰርሕ ኢና።<br>• ምስ ማሕበረሰባዊ ትካላት ብምትሕብባር፡ ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ዝበለጸ ጥዕናን ጽቡቕ ሂወትን ንምርካብ ደገፍ ከም ዝረኽቡ ክንገብር ኢና። | **“ንጥዕና ዝውስኑ ማሕበራዊ ወሰንቲ መመልከቲታት ንምፍታሕ፣ ኣገዳስነት ናይ’ቲ ምስ ማሕበረሰብን ካልኦት ጽላታትን መሻርኽቲ ኮይንካ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ፣ ኣብ ኩሎም መዳያት ጥዕና ዘለዎ ኣገዳስነት ካብ ኮቪድ-19 ንቕስሞም ብዙሓት ኣስተምህሮታት ኣለዉ።”** |
| ቀዳምነት 5<br>**ብዙሕነት ዘለዎ፣ ንኹሉ ዝሓቁፍን ኣብ ባህላዊ መዳያት ብቕዓት ዘለዎን ሓይሊ ስራሕ ጥዕና** | • ዝተፈላለየ ብዙሕነት ዘለዎ ሓይሊ ስራሕ ጥዕና ንምህናጽ ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣሰራርሓ ምልመላ ክንትግብር ኢና።<br>• ንሰራሕተኛታት ክፍሊ ጥዕና ኲንስላንድ ብባህሊ ድሕነት ዘለዎ ወይ ውሑስን ምላሽ ዝህብን ክንክን ንኽህቡ ግቡእ ስልጠና ክንህብ ኢና።<br>• ካብ ብዙሕ ባህላዊ ድሕረ ባይታ ዝመጹ ሰራሕተኛታት ክፍሊ ጥዕና ኲንስላንድ ኣብ ቦታ ስራሕ ዋጋ ዘለዎም፣ ዝኽበሩን ስልጣን ዘለዎምን ኮይኑ ክስምዖም ከነረጋግጽ ኢና። | **“ባህላውን ሞያውን ብዙሕነት ኣብ’ቲ ስርዓት ክንጸባረቕ ምርግጋጽ ኣድላይነት ኣሎ።እንተዘይኮይኑ ገለ ካብ ማሕበረሰባትና ኣብ ሓይሊ ስራሕ ክፍሊ ጥዕና ክውከሉ ኣይክእሉን እዮም።ኣብቲ ኣሃዛት ምዕሩይ ዝርገሐ ዘለዎ ብዙሕነት ሓይሊ ስራሕን ምስ ካብ ማሕበረሰባትና ዝመጹ ሰባት ናይ ምስራሕ ርድኢት ክህልዎ ዝሰልጠነ ሓይሊ ስራሕን ክንርኢ የድልየና።”** |
| ቀዳምነት 6<br>**ብዙሕ ባህላዊ መረዳእታን ምርምርን።** | • ኣገልግሎት ጥዕና ንምምሕያሽ ብዛዕባ ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ሓበሬታ ብኸመይ ከም እንእክብን ንትንትንን ከነመሓይሽ ኢና።<br>• ብዛዕባ ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ዝጸሉ ጉዳያት/ጸገማት ጥዕና ዝያዳ መጽናዕቲ ክንገብር ኢና።<br>• ጠለባት ጥዕናኦምን ዝጽበይዎም ውጽኢታትን ብዝበለጸ ንምርዳእ ሕብረ-ባህላዊ ማሕበረሰባት ኣብ መጽናዕቲ ከነዋፍሮም ኢና። | **“ንማሕበረሰባትና ባህላዊ ተቐባልነት ዘለዎምን ስሉጣትን ኣገልግሎታት ንምምሕያሽ፣ ኣብ ምምንጫው መጽናዕታዊ ጭብጥን ኣብ ገምጋማትን መጽናዕታትን ምስ ማሕበረሰባትና ንምስራሕን ገንዘባዊ ወፍሪ ክንገብር ኣገዳሲ’ዩ።”** |





SC2400222 /TIGRINYA (ትግርኛ)